# <u>ኣበሳ ጀጋኑ ጉዱኣት</u>

ካብ ተጋዳላይ ንርአ ኣሕፈሮም ትግራይ

ደቂ ስብ ኢናሞ ንናይ ደቂ ስብ ስብኣዉን ሞራላዊን ልዕልና ንቃለስ ኢልኩም፤ዱብ፣ሕብሪ ቆርበት፣ዘርኢ ከይፈለኹም ኣብ ጻዕሪ እትርከቡ፤ ብሕልና ናይቶም ኣብ ምግሃስ መሰልን ክብርን ዘትኮሩን ዝተጩማለቁን መራሕቲ ተኾሊፍኩም ግን ድማ ተስፉ ብዘይ ምቁራጽ እትቃለሱ ዘለኹም ወገናት፤ ኣኽብሮትና ይብጻሕኩም፡፡ ኣብ ዝተወለድኩምሉ ናይ ምንባር መሰል ስኢንኩም፣ ገለ ኸኣ ዝሓሸ ሰሪሕካ ዝንበሮ ቦታ ደኾን ይህሉ ኢልኩም ኣርሒቅኩም ብምስዳድ ደሃይ ዓዲ ዝሓርበተኩም መልእኽተይ ኣንቢብኩም ክትገብርዎ ትኽእሉ ዘበለ ኽትገብሩ ምሳኹም ንዘለዉ ደቂ ሃገር ድማ ብዝሰምዕዎ ቋንቋ ክተርድኡ ትምኒተይ እዩ፡፡

ኩልና ከምንፈልጦ ሃገርና ገፉሕን ህብታምን እያ ነራ፡፡ደቃ ነቲ ሃብታ ብሰላምን ፍቅርን ጽዒርና ግዒርና ብማዕረ ከይንጥቀመሉን ተሓጒስና ከይንነብርን፤ ናብ ዝሓሸ ለዉጢ ክንመርሓካስ ተኸተለና እንዳበሉ፤ ደምን ኣዕጽምትን ደቃ ተጠቂሞም ስልጣን ዝተለዋወጥዎ ኣጎዛ በጊዕ ዝተኸድኑ ኣዛብእ ቁስሊ ሃገርና እንትግህጹን ተራእዮም፤ይራኣዩ ኣለዉን፡፡

ብ 1966 ዉሑዳት ወተሃደራዊ መኮንናት ካብ ህዝቢ ስልጣን መንጢሎም ብዝተኾሓሓለ ኣዋጃት ህዝባዊ ሕቶ ዝምልሱ ብዝመስሉ ጽገናታት ብምድኻሎም ከምብሓድሽ ዝተባረዔ ህዝባዊ ሕቶ ወለደ፡፡

ነዚ ንምፍታሕ ብሂራዊ መልክዕ ዝሓዘ ናይ ህዝቢ ትግራይ ቃልሲ ዉሕዳት ግዱሳት ተጋሩ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ እንትፍልሙ ብብዙሕ ኣሻሓት ዝቑጸሩ መናእሰይ ከኣ ተኸተልዎም፡፡ወትሩ ዘይከሓድ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣጀማምሩን ኣፈጻጽምኡን ዝበለጸ ጎኑ ጽቡቅ እኳ እንተነበረ ኣብ መንጎ ብዉሽጣዊ ጉዳያት ዝግለጹ ሽግራት ይጎንፍዎ ነይሮም፡፡

ኣብ ገለ ናይቲ ቃልሲ ኣገባባት፤ ኣብ ዝምድናን ስልትን ስትራተጂን ናይ ቃልሲ ኣንዊሑ ዝኣመተን፤እንዳዋዓለ እንዳሓደረ ወድዓዊ ሓቂ ዝኾነ መርትዖታት ዘቕረቡ ገለ ግዱሳት እንዳተገለሉ ምስከዱ፤ እቲ ኣመራርሓ ንካልኦት ዉሒጡ ኣብ ኢድ ዉልቀሰብ እንዳወደቀ ኸደ፡፡ ብዙሕ ህይወትን ንብረትን ሃገር ኣጥፊኡ፣ መቸም ቃልሲ እንትሕሰብ ሰናይ ኣይጽበይዎን፣ምሚት ምቑሳል ከምጸጋ ቃልሲ ወሲድካ ምቅባል ስለዝኾነ ኣብዝሓ ተጋዳላይ ቃልሲ ዝወለዶም ከበድቲ ሽግራት ተቐበለ፡፡

ንተኻታታሊ 17 ዓመታት ዝተኻየደ ኹናት በሻሕት ዝቑጸር መንእሰይ ተሰዊኡ፡፡ ልዕሊ ሞትን ትሕቲ ምህላዉን ኮይኑ ኣካል ስንክልና ዝገጠሞ መንእሰይዉን ከምኡ ብኣእላፍ፡፡ ተስፉን ትጽቢትን ናይ ዞም ዓዲ ዊዒል ዝኾኑ ሃርበኛታት እዚኣቶም ከምኡዉን ናይ መላእ ህዝቢና ዴሞክራሲን ሰላምን ዝሰፈና ምዕብልቲ ኢትዮጵያ ንምርኣይ ወይድማ ንቀጻሊ ወለዶ ምርካብ እዩ ነይሩ፤ **ራእይ ኣብዝሓ ግን ለገሰ ዜናዊን ዉሑዳት መባልዕቱን ኣጸልሚቶምዎ፤፤ ኮይኑ ድማ ቅድሚ ለገሰ ዜናዊ እንተዘኮነ ኸዓ ማዕርምዕርኡ ዝጎዩ ዝነበረ ሃርበኛ ብሰንኪ ለገሰ ዜናዊ፡፡ ነዚ ሲኦላዊ ምርኢት እናኾነነ፣ ኣብ ልዕሊ ኣካላዊ ጉድኣት ስነኣእምሮኣዊ በሰላ ኣትሪፉ ይርከብ፡፡**

ካብ ዝገርም ክንሰርሖሉ እንኽእል ባይታ ጥራሕ ኣመቻቺዉልና ፤ካብ ህዝብና ንላዕሊ እንጽበዮ ሓለፋ የለን፤ ሸኽሚ ህዝቢን መንግስትን ኣይንኹን፤ ዝብል ስብእና ኣብ ሕድሕድ እቲ ጉዱእ ነይሩ። እቲ ምንታይ እዚ እምነት እዚ መትሓዚኡ ሃዋ እንተበለ ካብቲ መንግስቲ ክብርን ሞራልን ኣይንስእንን ዝብል ተስፋ ስለዝነበሮ፤፤
እወ፣ ኣብ ከተማ መቐለን ኣኽሱምን ንጉድኣት ዝተሰርሑ ቤት ዕዮታት ኣለዉ። ህንጻታቶም ምሉእ ብምሉእ GTZ ብዝባሃል ናይ ሓገዝ ዉድብ እዮም ተሰሪሖም።ኣብ ዉሽጦም ናይ ሓጺን መጺን፣ ማእለማ፣ ዕንጸይቲ ስራሕቲ ክፍልታት ኣለዎም። መብዛሕቶኦም ብዓቅሚ እቲ ጉዱእ ኽሰርሑ ዘይትግምቶም ጉልበት ዝሓቱ እዮም። ገለ ማሽናት ብማሕበር ልምዓት ትግራይ ዝተገዝአ ኣለዋ። ክጅመር እንከሎ መቐለ 250 ኣኽሱም 300 ሓይሊ ሰብ ኽሕዝ፤መበገሲ ካፒታል ድማ ካብ 4 ክሳብ 5 ሚሊዮን ይብሉ እቶም 'ሰብዋና' ክገልጹዎ ኽለዉ። እዚ ገንዘብ እዙይ ህልዉ ገንዘብ ዘይኮነስ ነቲ ህንጻታትን መሳርሕን ዝዋዓለ ገንዘብ ምኺኑ ድማ ምኽኒት ይዉስኹሉ። እዚ ኽዓ ነቲ ስንኩል ንምዕሻዉ ዘምጽእዎ ምኽንያት እምበር ኣብ ወጻኢ ካብ ዝነብሩ ተጋሩ፣ ካብ መከላኸሊ ሰራዊት፣ ጉጅለ ባህሊታት ኣብ ወጻኢ ይኹን ኣብ ዉሽጢ ዓዲ ተንቀሳቒሰን ብሽም እቲ ጉዱእ ዘዋህለለኦ ኣበይ ከምዝኣተወ ኣይፍለጥን። ናይ ዉሽጢ ገበን ንምሽፋን ድማ ነተን ትካላት ብጽቡቕ ሽም ኣጠመቕወን።

"ናይ መቐለ ፍረ ስዉኣት መንደር ኢንዱስትሪ" ናይ "ኣኽሱም ዋልታ ኢንዱስትሪ" ተባህላ። ግርም። ኣብ ልዕሊ እዙይ ዝኮነ ይኹን ኣባል ናይዘን ኣክሲዮን ማሕበራት ካብተን ትካላት ክሳናበት እንትሓትት ካብ ዝጀመረሉ ኣትሒዙ ዘፍሰሶ ጉልበት ተተሚኑ ምስ ገንዘቡ ናይ ምስንባት መሰል ኣለዎ ዋላ ተሰናቢቱ እዉን ባዓል ዋና እዩ ዝብል ንማለቱ ኣብ ወረቐት ዘስፈርዎ ሕገ ደንቢ ኣሎ። ካብ ዝገርም ግን ኣብተን ትካላት እንዳሰርሐ ኣብ ርእሲ ጉድኣቱ ጉድኣት እንተበጽሖ ብዘይ ምንም ዉሕስና መድሕን እዩ ዝሰርሕ። ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣቢሉ ልዕሊ 14 ጉዱኣት እቲ ትካል ካብ ዝጀመር ካብ 1986 ዓ.ም. ኣትሒዞም ኣብ ወርሒ 250 ክሳብ 300 እናረኸቡ ዝሰርሑ ዝነበሩ፣ እዝጊ የርኢኹም ንገዛ ኽራይ መነባብሮ ንታክሲ ሽፌኖም ናብራ ዓዘራ ኣይትሙቱ ኣይትሕወዩ ምስደፍኦ 4000 ቅርሺ እናተዋህቦም፣ ኣበይ ይዉደቁ እንታይ ይኹኑ በዘየገድስ ክንሓፉ ተጌሩ። ካብኣቶም ብቀረባ ዝፈልጦም ዝስዕቡ እዮም፣
1. ኣጸደ ጓል ኢዱ ....... ጸጋማይ ጎና ዝለመሰት
2. ጽዋሃብ ተስፋማርያም ......የማናይ እግራ ትሕቲ ብርኪ ቆራጽ
3. ብርሃነ ተዓሪፉ ........ ናይ ርእስን ኢድን ጉዱእ
4. ሽኑን ኣስፋዉ ......... ክልቲኡ እግሩ ዝለመሰ ብኽልተምርኩስ ዝኸይድ
5. ገብረመስቀል ........ ኣርባዕቲኡ ማሓዉሩ ቆራጽ ብሓገዝ ሰብሰራሕ ዝኸይድ
6. ኣጸደ ኮረሪማ ..........ናይ ዓንዲ ሑቐ ግድእቲ
7. ወልደኣረጋይ በርሀ ......ክልቲኡ እግሩ ዝለመሰ ብምርኩስ ዝኸይድ
8. ሃይለስላሴ ተስፋይ .........ጸጋማይ እግሩ ቆራጽ ሕዚ ኣብ ጎደንሳ ወጺኡ ዝልምን ዘሎ ሽሞም ዝሓዝኩዎም ዉሑዳት ኣብነታት እዮም።

ትማሊ ሽሕ ስም እናሃቡ ናብ ቑናት ዝዳጎንዎ ወገን ሐዚ ሽኺን ክቡር ሽምን ቦታን ክንዲቲ ናይ ሃፍታም ከልቢ ክብሪ ኣይረኸበን። ኣገልጊሉ ዘብቀዔ ኣቕሓ'ኳ ንቀጻሊ ትዉልዲ ታሪኽ ክነግርዩ ተባሂሉ ኣብ ክቡር ቦታ ዝቕመጥ!! ለገሰ ዜናዊን ካድረታቱን ግን ክንዲ ፍርቂ እንስሳን ኣቅሓን ገይሩ ዘርኢ ዓይንን ሕልናን ኣይሃቦምን!! እቲ ብሒቶምዎ ዘለዉ ወንበር ስልጣን ናይቶም ትማሊ ዝወፈሩ ግን ንምዝዛምን ምርኣይን ዘይተዓደሉ ስዉኣት፣ ከምኡዉን ናይቶም ትማሊ ብሙሉእ

ማሓዉሮም እንዳኅየዩ ነይሮም ሕዚ ዓዲ ዉዒል ዝኾኑ ሓርበኛታት ዉጽኢት ምኳኑ ዘንጊዮምዎ!!

ንስሙ እታ ፋብሪካ እትማሓደደረሉ ዝተጻሕፈ ሕጊ ኣሎ፡፡ ነዚ ተመርኵሶም ሰብኣዊነት ዝስመዮም ሰብ ሞያ ሕጊ ነቶም ዝተጓሕፉ ጉዱኣት ረኺቦም፣ "ሕገ ደንቢ ናይቲ ዝነበርኩምሉ ትካል እዚ እዚ ዘካተተ እዩ ፣ ስለዚ ብኽንድዚ ብኽንዲዙይ ዓንቀጽ ክሰሱ፡፡ ኣብ ሽትኡ ክሳብ እተብጽሕዎ ድማ ኣብ ጎንኹም ኣለና፡፡ "

ኢሎምዎም ነሮም፡፡ መሲሉዎም እምበር ኣብ ዘመነ ለገሰ ዜናዊስ ናይ ሕጊ ልዕልና ዘይትጽበዮ እዩ፡፡ ድሕሪ ዚ እዞም ጉዱኣት ገሊኦም ብምርኩስ ገሊኦም ብተሸከርካሪ መንበር ላዕልን ታሕትን እናበሉ ኣቲ ምጉት ይጅምርዎ፡፡ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ድማ በቶም ዳያኑ ናብ ስራሕ ቦቶኦም ክምለሱ ይእዘዝ፡፡ ግን ድማ እቶም "ሰብ ዋና" ዝባሃሉ ይግባኣና ሓቲቶም ካልኦት ዳያኑ እንደገና ኣይግበኣኩምን ዝብል ወረቀት ይላኣኽ፡፡ ምስ ደገዝማቲ መን ተማጓቲ እዩ ነገሩ፡፡

ኣስዒቦም  ሕራሮትናን ኣዉያትናን ናብ ህዝቢ ክነቅርብ ሰላማዊ ሰልፊ ይፈቀደልና ኢሎም ይሓቱ ከምዘለዉ ብርክት ዝበለ ናይቲ ኸተማ ህዝቢ ይሰምዮሞ ሓደ መዓልቲ ሮማናት ኣብ ዝባሃል ከባቢ መቐለ ብርክት ዝበለ ህዝቢ እንዳተጸበዮም እንዳሃለወ ብካድረታት ዝተመርሑ ፖሊሳት ኣርኪቦም ስንዝር ኢልኩም ከይትወጹ! ኢሎም ብምህዳድ ንገሊኦም ኣጋፊዮም ይመልስዎም፡፡

መጨረሽኡ ጋህዲ እንዳኾነ ዝኸደ ኸዓ እቲ ትካላት ናይ  ሰለስተ ካድረታት ምኳኑን፣ እቲ ዝተረፈ ኣብተን ትካላት ዝሰርሕ ዘሎ ኣካል ጉዱእ ድማ ናይቶም ናብ ጎደና ጕሒፍዎም ዘለዉ ብጸቶም ዕጫ ከምዝጽበዮም ብጋህዲ ተነግሮም፡፡ ሰብዋና እዘን ትካላት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፣

1. ኣብርሃለይ  ባርኖስ  1972 ተጋዲሉ
2. ኣረጋይ ሓድጉ ፎሮ  1970 ተጋዲሉ
3. ወዲዓላ  1970 ተጋዲሉ

እዚኦም ናይዚ ጊዜ ሰብዋና ሕድሕዶም ኣብ መቐለ ሰብ መኪናን ቪላ ገዛዉቲን ኢዮም፡፡ ሃላፊኦም ኣብ ቁ.1 ጽሒፈዮ ዘለኹ ናይ ሜዳ ሽሙ ባርነባስ እዩ ነይሩ ባርኖስ ዝወጸ ናይ ጉዱኣት ሓላፊ ምስኮነ ኢዩ፡፡ እዞም ሰለስተ በላዕቲ ነብሲ ናይ ተጋደልቲ ጉዱኣት ማህበር ሓለፍቲ እዮም፡፡ ብሽም እቲ ጉዱእ ዝስብሰብ ገንዘብ ንሳቶም ዮም ዝርከብዎ፡፡ እቲ ጉዱእ ሰሪሑ ዘእትዎ ዘሎ ገንዘብ ኣብ ምንታይ ይዉዕል ኣሎ ኢልካ ምሕታት ወንጀል እዩ፡፡ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ኦዲት ሓሊፍዎ ኣይፈልጥን፡፡ ክልተ ጊዜ ብርእዩን ስምዑን ተሰሪቑ፡፡ ብ1987 ዓ.ም. ተሻለ ዝባሃል ካድረ ካብ ጀግኖች ኣምባ ደብረዘይት ኣምጽእኦም ዝመደብዎ 500000 ቅርሺ ሒዙ ተሰዊሩ፡፡ መበል ካልኣይ ብ 1994 ሽሙ ንጊዚኡ ዘይሓዝኩዎ ንሓዲኦም ዘመዱም ምኳኑ ዝንገረሉ 150000 ቅርሺ ሒዙ ተሰዊሩ፡፡ እዚ ዝዝረፍን ዝጻወቱሉን ዘለዉ ገንዘብ እቲ ጉዱእ ኣካል ሰሪሑ ዘፍረዮ እዩ፡፡ ሎሚ ድዩ ጽባሕ እቲ ጊዜ ባዕልና እነንዉሖን እነሕጽሮን እዩ ግን ድማ ወጊሑ ከምዝሓንቆም ርግጸኛታት ኢና፡፡

ክቡራት ኣንበብቲ ቅድም ኢለ ካብ 250 ክሳብ 300 ሓይሊ ሰብ ሒዙ ዝበልኩዎ ክጅመር ከሎ እምበር ሕዚ ካብ ኣርባዓ ዝበልጽ ጉዱእ የለን፡፡ ምኽንያቱ ድማ ኣብቲ ትካላት ተቆጻጸርቲ ካድረታት ገምጋም እናበሉ ምስራሕ ኣየኽኣልዎን፡፡ ተጎጂልካ ምዉጋዕ፣ ኣብ ገምጋም ዝተራኣየካ ምዝራብ፣ ወንጀል ዩ፡፡ ንዉድብ ሓሚኻ፣ ልዕሊ ህዝቢ ክትነብር ደሊኻ፣ ተጠዋሪ ኣራኣይያ ኣለካ፣ ነቲ ጉዱእ ከም መጽሓፍ ቕዱስ ዮም ዝድገምሉ፡፡ እሞ ድማ እቶም ከምዚ ኢሎም ጅግና ርእሱ ከድንን፣ ኢሉ ድማ ጸርጸር ኢሉ ክወጽእ ዝገብሩ ዘለዉ ኮብረርቲ ኸዓ ወንበር ኣሙቕ ዝዉዕሉ እዮም፡፡

ምስ ደርጊ ኣብ ዝተገብረ ዉግእ ልዕሊ 10000 ጉዱእ ነይሩ፡፡ ኣበይ ኣተኻ ዝበሎ ዘየለ፣ ንሞት ዝተሳጠሐ፣ ከርፋሕ ናብራ ፎቖድኡ ዝመርሐ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ፡፡ ስለዚ ለገሰ ዜናዊን ስርዓቱን ገና እንትፍልም ስልጣን እንትሕዝ ከይጎበዘ ዝኣረገ በሽቃጥ ስርዓት እዩ፡፡ ንገለ ወገናት ኣብቲ ብሒቱዎ ዘሎ ሚድያ ቀሪቡ "መንጨቲ ቁስሎም" ኢሉ ክጸርፍ ዘይሓፍር፣ ገበኑን ነዉሩን ክሽፍን ዘይካኣለ ነዉራም ስርዓት እዩ፡፡ ብሰንኪ ኢዚ ስርዓት ጅግና ተጋዳላይ  ኮንዶም ዝብል ሽም ኣትሪፉ ይርከብ፡፡ ትርጉሙ ድማ ተጠቂሞም ዝደርበዩኻ ከም ማለት እዩ፡፡

እሞ ክቡራት ኣብ ዓድናስ በዚ ስርዓት እዙይ ወዲ ሰብ ክሳብ ክንዲዙይ ሓሲሩ ይርከብ፡፡ ሓደ እዋን ምስ ሓደ ዓርከይ እንዳዞርና ኣብ ሓደ ቦታ ናይ ሃይማኖት ኣቦ እዮም ሓንከስ ሓንከስ ክንብል ስለዝራኣዩና ከተባብዐ ሑቐናን ርእስናን እንዳደራረዙ "እዞም ደቀይ ኣጆኹም ሓሲብኩምሉ ወፊርኩም ግን ዘይተሳኸዔ እንተሎ ንዓና ዝፈጠረ ኣምላኽ ስለዘሎ ከምቲ ዝፈጠረና ደርብዩ ኣይድርብየናን ሰልዚ ተስፋ ኣይትቁረጹ" ኢሎም ዘረበኦም ምስ ወድኡ ዓርከይ ኣስዕብ ኣቢሉ "ኣቦ ቐሺ ምጽኣት ዝባሃልስ መዓስ እዩ?" ኢሉ ይሓቶም፣ እሶም ድማ  "ወይ ዝወደይ ኣማኒ ንኣማኒኡ መሊኡ እንትኸሕድ፣ ወላዲ ንዉሉዱ እንትቐብር፣ ሕግን ስርዓትን እንትሳኣንን ካብዚይ ንላዕሊ ምጽኣት ኣሎ ድዩ?" ኢሎም ሕትኡ ብሕቶ መለስዋ፡፡

ሓደ ሳልሳይ ዓርክና ድማ ብዘይምንም መተኻኸሊ ክፍሊት ተደርቢዩ፣ ጸጋማይ እግሩ ልዕሊ ብርኩ ምስሰኣነ ብ1971 ዝተጋደለ ሰዉነቱ ብምሉኡ ብዘይወጸ ጥይት መንፊት ዝኾነ፣ ምስ 3 ደቑ ኣብ ሽግር ምስወደቐ ላዕልን ታሕትን ኢልና፣ ኣብ ማእኸል ከተማ ዘሎ ሹቓት ነጋዶ ክሕሉ ኣይበላዕ ብ 250 ቅርሺ ስራሕ ጀመረ፡፡ ነቲ ስራሕ ድማ ጠበንጃ ዘድሊ ኾነሞ ጠበንጃ ብዉሽጢዉሽጢ ብኽራይ ረኺብና፡፡ ለይቲ ንፋስ መቐለ፣ ረብሻ ሰካራማት ተጻዊሩ፣ ኣርቲፊሻል እግሩ እናጎሰሰ ዋኒኑ ይጅምሮ፡፡ ካልኣዩ ድማ ሚሊሻ ደርጊ ዝነበረ ዘብዔኛ ነቲ ዓርክና እንታይ ወሪዱካ ደኣ ሓንከስ ሓንከስ ትብል? ኢሉ ሓተቶ፡፡ ታሪኾም የዕሉሉሞ እቲ ወታሃደር ደርጊ ዝነበረ እሀሀሀ ድሕሪ ምትካዝ፣ ናይዚ ስርዓት ሰብ ዋና ደኣ መነትና ኢና ? ኢሉ ብምሕታት ብዘይ እኒ ወዲ ዜናዊ ሰብ ዋና ስርዓት ከምዘየለ ተዓዘበ፡፡

ብ1990 ድማ ኣብ ኣኽሱም ከምቲ ናይ መቐለ ዕግርግር ይላዓልሞ፣ ኣብ መንጎ እቲ ጉዱእን ካድረታትን መዕለቢ ምስተሳእነ፣ ሓሰን ሹፋ ዝባሃል ካድረ ይላኣኽ፡፡ ካብቶም ጉዱኣት 'እቲ ንሰርሖ ዘለናን ክፍሊትናን ኣይመጣጠንን፣ ቢሮክራሲ በዚሑ፣ ኦዲት ይገበር፣ ብገለልተኛ ወገን ደመረሃጽና በላዒኡ ይፈለጥ' ኢሉ ይሓትት፡፡ ሓሰን ድማ "ዘይብላያ እኖኻስ ካብ እምኒ ትጸንዕ" ኢሉ ምስ መሰለ ዋጭ ዋጭ ኣስዓበሞ "ንዓይ እንታይ ትብሉኒ ኣለኹም ሎቶሪ ቑረጹ" ብምባል ኣብ ልዕሊ ደምን ረሃጽን ሃርበኛታት ነውራም ሕጫጩ ኣባጭዩ ብኮብራ ዝዓይነታ መኪና ጠንጢንዎም ተዓዝረ፡፡
ጓሂና ዊሒዙ ዘይዛሪ ሰለዝኾነ ክስብ ካልኣይ ጽሑፈይ እዚይን ወዳሓንኩምን፡፡